## ልምምድ LIV 2025

ረቡዕ 9 ሚያዝያ፡ ሕጂ-ሕክምና ብዝብል ኣብ እዋን ሓደጋ ክግበር ዘለዎ ልምምድ ምስ ሓይልታት ምክልኻል ብምትሕብባር ምስ ብዙሓት ዝኾሰሉ ልምምድ ክካየድ እዩ። እቲ ልምምድ "LIV 2025" ተባሂሉ ይጽዋዕ።
ኣብዚ ብዛዕባ'ዚ ልምምድ ሓበሬታ ክትረኽብ ትኽእል።

**እቲ ልምምድ ኣብ NÄL ኣብ ትሮልሄታን/Trollhättan ረቡዕ 9 ሚያዝያ 2025፡ ሰዓት 9.00 - 16.00 ክካየድ እዩ። (ግዜ ግምታዊ እዩ)።**

**• ሆስፒታል ከምቀደሙ ልሙድ ኣገልግሎቱ ክቕጽል እዩ።**

**• እቲ ዝግበር ልምምድ ኣብ ደቂሰም ዝሕከሙ ሕሙማት ኮነ በጻሕትን ዝህልዎ ጽልዋ ብዝተኻእለ መጠን ንእሽቶ ኸኸውን እዩ።**

**• ነበርትን ሓለፍቲ መገድን ኣብ ከባቢ'ቲ ሆስፒታል ዝያዳ ኣምቡላንሳትን ወተሃደራዊ መካይንን ክንቀሳቐሳ ከስተብህሉ ይኽእሉ እዮም።**

**እዚ ልምምድ ስለ ምንታይ እዩ ዝካየድ?**

ሕጂ-ሕክምና ኣካል ጠቕላላ ምክልኻል ሽወደን እዩ። ዓቢ ቅልውላውን ሓደጋን ምስ ዝፍጠር ሆስፒታል ንኣገልግሎት ድሉው ምዃን የድሊ። እቲ ዝበለጸ ነገር ልምምድ ምግባር፡ ደረት ምፍታንን ተሞክሮ ምውሳድን ምምሃርን እዩ።

## ዕላማ ናይቲ ልምምድ

ዕላም ናይዚ ልምምድ LIV 2025 ዓቕሚ ናይቲ ሆስፒታል ንምፍታሽን ቅድሚ ቅልውላው ወይ ኲናት ምምጽኡ፡ ሲቪላዊ ድልውነት ንምሕያልን ዝዓለመ ኮይኑ ምእንቲ፡

- ምዕባይ ዓቅሚ ኣብ'ቶም ብብዝሒ ተጎዲኦም ዝመጹ ሕሙማትን መጥባሕቲ ኮነ ትራኦማ ዘጋጥሞም ዘድልዮም ሕክምናዊ ኣገልግሎት ምሃብ፡፡
- ምዕባይ ዓቅምን ፍልጠትን ኣብ'ቶም ሰራሕተኛታት ነቲ ብድሩት ጸጋታት ክመጽእ ዝኽእል ዓብን ሓያልን ጠለብ ኣብ ምምካትን ምስራዕ ቀዳምነትታት፡፡
- ምምዕባል ሓባራዊ ስራሕን ቅጥዕታት ምስ ምትሕብባር ሓይልታት ምክልኻል ምዕራባዊ ዞባ ዮታላንድ (VGR)

## እቲ ልምምድ

እቲ ልምምድ በቶም ብሓቂ ሕሙማን ወይ ዝተጎድኡ ሰባት ዝካየድ ዘይኮነ፡ ብኣንጻሩ ብሜክ ኣፕ ተለኽዮም ጉዱኣት ዝመስሉ ተዋሳእቲ ዝግበር ዝተፈላለዩ ንጥፈት እዩ፡፡

ብቐጥታ ዝጽለዉ ብቐንዱ እቶም ኣብ **ሕጂ-ሕክምና** ዝሳተፉ ትካላትን ሰራሕተኛታትን ኮይኖም መብዛሕትኡ ኣብ ውሽጢ ሰንሰለት ህጹጽ ክንክን ዝሰርሑ እዮም። ገለ ኣብነታት፡ ኣገልግሎት ኣምቡላንስ፡ ክፍሊ ህጹጽ ረድኤት፡ ሕክምናዊ ህጹጽ ክንክን፡ ክፍሊ ህጹጽ መጥባሕቲ፡ ክፍሊ ራጂን ክፍሊ መደንዘዝን መጥባሕትን።

ኣብ ውሽጢ **ሕጂ-ሕክምና**፡ ዝምስረቱ ዝተፈላለዩ ትካላትን መሳርሕትን ኣለዉ። ሓያሎ ጉጅለታት ምስ ዝተፈላለዩ ክፋላት LIV 2025 ይሰርሑ ኣለዉ።

ቅድሚ ሕጂ ኣብ ምዕራባዊ ዞባ ዮታላንድ/VGR ተመሳሳሊ ልምምድ ተኻይዱ እዩ፡፡ ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣብ ከተማ ቦሮስ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ሶድራ ኤልቭስቦርግ ኣብ 2019 ተኻይዱ ነይሩ፡ ከምኡ'ውን ቅድሚኡ ኣብ ሆስፒታል ዩኒቨርሲቲ ሳህልግረንስካ ኣብ ዮተቦሪ ተኻይዱ እዩ።

ኣብታ LIV 2025 ዝካየደላ መዓልቲ ዓቢ ፍጻመ እንተ ኣጋጢሙ፡ እቲ ልምምድ ይስረዝ።

እዚ መርበብ ብቐጻሊ ዝመሓየሽ እዩ።

**ተዛመድቲ መላግቦታት**

ሕቶታትን መልስን ብዛዕባ ሊቭ/ LIV

**ፊልምታት**

LIV 2025 – ድሕሪ ሽዱሽተ ወርሒ ክጅምር (ጥቅምቲ 2024 ዝተዳለወ)

ልምምድ LIV ከመይ ከም ዝሰርሕ (ታሕሳስ 2024 ዝተዳለወ)

**ሕቶታትን ርክብን**

**ምክትል ዳይረክተር ሆስፒታል**

ኢመይል፡ nu.kommunikation@vgregion.se